 

16 ነሓሰ ዕርገት ስጋ ናይ ኣዴና ቅድስት ድንግል ማርያም ናብ ሰማይ እዩ። ከምኡውን ናይ ቅዱስ ጊዮርጊስ ሰማእት ስጋኡ ካብ ሃገረ ፋርስ ናብ ሃገሩ ልዳ ብኽብሪ ዘግዓዝሉ እዩ። ጎይታናን መድሓኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ ንግብጺ ኣብዝተሰደሉ ግዜ ኣብ እምባታት ሊባኖስ ነበረ ሄሮድስ ክኣ ፈሊጡ ሰራዊት ልኢኹ ንኽቐትልዎም ከበብዎም ብ 16 ነሓሰ ኸኣ ጊጋር ዝብሃል ሶርያዊ መስፍን ኣህደሞም፡ ሄረዱስ ነዚ ምስፈለጠ ተቖጢዑ ን ጊጋር ብጽኑዕ ኣሳቐዮ፡ ኣካላቱ ቆራረጸ። ጎይታ ተገልጸሉ'ሞ ስሙ ንዝጽውዕ፡ ዝኽሩ ንዝገብር፡ ገድሉ ንዝጽሕፍ ቃል ኪዳን ኣተወሉ። ድሕሪ'ዚ ክሳዱ ብሴፍ ቆረጽዎ ብሰለስተ ኣኽሊል ክኣ ተጋረደ።

በረኸቶም ምስኩልና ብኣማላድነቶም እንኣምን ይኹን ኣሜን!! ንምሉእ ትምዝቶ መጽሓፊ ስንክሳር ወርሐ ነሐሰ 16 ንመልከት።

በረኸቱ የብዝሓልና ኣሜን።